Utlendingsdirektoratet
Norwegian Directorate
of Immigration

# ገንዘባዊ ድጋፍ ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ንእትቕመጥ

Informasjonsskriv til beboere i asylmottak om stønad – Tigrinja versjon

# Innhold


ገንዘባዊ ድጋፍ ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ንእትቕመጥ ........ 3

- ገንዘብ ንክወሃበካ መሰል ኣለካ ........ 3
- ዝያዳ ንክሽፈነልካ መሰል ይህልወካ ይኾውን ኢዩ ........ 3
  - ዘለካ ወጻኢ ንክሽፈነልካ ኣቕዲምካ ከተመልክት ከይተገደድካ ኢዩ በቲ ዘለኻዮ መዓስከር ዝኽፈለልካ። ........ 3
  - ወጻኢታትካ ንክሽፈነልካ ከተመልክት ኣለካ ........ 4
  - ርእሰ-ብጽሒትካ ........ 4
- ገንዘብካ ኣቕዲሙ ክወሃበካ ይከኣል ኢዩ ........ 4
- ሕግታት ........ 5

## ገንዘባዊ ድጋፍ ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ንእትቕመጥ

ምቕማጥካ ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዑቑባ ንዝኾንካ፡ ገንዘባዊ ደገፍ ክትወሃብ ትኽእል ኢኻ።

ብኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት (UDI) ግቡእካ ኲይኖም ክሽፈኑልካ ዝኽእሉ ወጻኢታት ኣየኖት ከም ምዃኖም ብዝብል ሓበሬታታት ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ይወሃበካ ኣሎ። ሰራሕተኛታት እትቕመጠሉ መዓስከር ተወሳኺ ሓበሬታትት ክህቡኻ ይኽእሉ ኢዮም፡ ገለ ገለ ሕቶታት እንተሊካ እውን ክተሓባበሩኻ ይኽእሉ ኢዮም።

## ገንዘብ ንክወሃበካ መሰል ኣለካ

ክልተ ሳዕ ኣብ ወርሒ ሓደ ብዝሒ ገንዘብ ይኽፈለካ (መሰረታዊ ደገፍ)። እቲ ዝወሃበካ ገንዘብ እንተ ብጥረ ወይ ኣብ ሓደ ወረቐት/ካርድ እንተ ተመሊኡ ኢዩ ዝወሃበካ። እዘን ዝወሃባኻ ገንዘብ እዚኣን ነቶም ዋና መሰረታውያን ወጻኢታትካ ዝብሃሉ ወጻኢታት ክሽፍኑልካ ዘለዎም ኢዮም።

እቲ ዝወሃበካ ብዝሒ መሰረታዊ ደገፍ ኣብዞም ዝስዕቡ ኢዩ ዝሙርኰስ፡

- ዓይነት እትቕመጠሉ መዓስከር፡
    - እትቕመጠሉ መዓስከር ስሰያ መግቢ እንተድኣ ዘይብሉ ኰይኑ፡ ዝያዳ ገንዘብ ካብ እቶም ኣብ ስሰያ መግቢ ዘለዎ መዓስከር ዝቕመጡ ኢዩ ዝወሃበካ።
    - እንተድኣ ኣብ መሰጋገሪ ወይ ህጹጽ መዓስከር ትቕመጥ ኰይንካ፡ ካብ እቶም ኣብ ስሩዕ መዓስከር ዝቕመጡ ዝውሕድ ገንዘብ ኢኻ ትወሃብ።
    - ኣብቲ ማእከል ሃገራዊ መዓስከር ገንዘብ ኣይትኽፈልን ኢኻ፡ መግቢ፡ ናውቲ ንጽህና፡ ከከም ኣድላይነቱ ቅያራት ዓራትን ከዳውንትን ግና ይወሃበካ ኢዩ።
- በይንኻ እንተኾይንካ ወይ ከኣ ብሓባር ምስ ስድራቤትካን ትሕተዕድመ ደቅኻን
- ኩነት ሕቶ ጉዳይ ዑቕባነትካ
    - እንተድኣ ሕቶ ጉዳይ ዕቑባነትካ ተነጺጉ ወይ ሕቶ ጉዳይካ ብኖርወይ ኣይርኣየልካን ኢዩ ተባሂልካ ካብ ኖርወይ ክትወጽእ እንተኾንካን፡ ዝተጓደለ ገንዘብ ኢዩ ዝወሃበካ።
- ናይ ገዛእ ርእስኻ ገንዘብ ወይ ከኣ ዋጋ ዘለዎ ናውቲ ምስ ዝህልወካን ትሕዝቶ ርእሰማል ወይ እውን እቶት እንተድኣ ኣልዩካ ኰይኑ ንሰራሕተኛታት ዘለኻዮ መዓስከር ክትነግሮም ኣለካ።

## ዝያዳ ንክሽፈነልካ መሰል ይህልወካ ይኾውን ኢዩ

እቲ መሰረታዊ ገንዘባዊ ደገፍ ነቶም መሰረታውያን ዝኾኑ ወጻኢታት ክሽፍነልካ ኣለዎ፡ ይኹን ድኣ እምበር ብተወሳኺ ካልኦት ወጻኢታት ንክሽፈኑልካ መሰል ኣለካ።

ብክልተ ዝተፈላለዩ ኣገባባብት ተወሳኺ ገንዘባዊ ደገፍ ክወሃበካ ይከኣል'ዩ፡

1. ዘለካ ወጻኢ ንክሽፈነልካ ኣቐዲምካ ከተመልክት ከይተገደድካ ኢዩ በቲ ዘለኻዮ መዓስከር ዝኽፈለልካ።
2. ዘለካ ወጻኢ ንክሽፈነልካ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኢኻ ከተመልክት ዘለካ። ትቕመጠሉ መዓስከር ንUDI ንምምልካትን ንምስዳድን ይተሓባበሩኻ ኢዮም። ይሽፈነልካ ድዩ ኣይሽፈነልካን ክሳብ መልሲ ዝመጻካ ክትጽበ ኢዩ ዘለካ።

## ዘለካ ወጻኢ ንክሽፈነልካ ኣቐዲምካ ከተመልክት ከይተገደድካ ኢዩ በቲ ዘለኻዮ መዓስከር ዝኽፈለልካ።

ኩሎም እቶም ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ዝቕመጡ፡ እዞም ዝስዕቡ ይሽፈኑሎም፡

- ወጻኢታት ናይ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ሕክምና፡ ሕክምና ስነ-ኣእምሮን ክኢላ ፍወሳ ኣካላትን/ቴራፒስታን ኣካል ኣገልግሎት ስነ-ኣእምሮኣዊ ሕክምናን ኢዩ። ወጻኢታት ኣፋውስን ምስ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝተኣሳሰረ ኣድላዩ ወጻኢታት መጓዓዝያን እውን ይሽፈነልካ ኢዩ።
- ንኣጸደ-ህጻናት ወይ ንመባእታዊ ቤት ትምህርቲ ዝምልከት ወጻኢታት ናውቲ እውን ክሳብ ዝተወሰነ ብዝሒ ገንዘብ ይሽፈን ኢዩ።
- ብኣጋጣሚ ሕርሲ ንዝህሉ ወጻኢታት ውሱን ብዝሒ ገንዘብ ይሽፈን፡ እዚ መሰል ሓንሳእ ዝኽፈል ገንዘብ ወሊድ ምስ ዘይህልው ኢዩ/engangsstønad[1]

[1] folketrygdloven § 14-17.

ኣብ ሃገራዊ ማእከል መዓስከር፡ መሰጋገሪ መዓስከር ወይ ኣብ ህጹጽ መጸንሒ ቦታ ንእትቕመጥ እዞም ዝስዕቡ ወጻኢታት ይሽፈኑልካ፡

- ኣድለዪቲ ዝኾኑ ወጻኢታት ሕክምና ከምኒ ብሓኪም ዝእዘዙ ኣፋውስ፡ ንሕክምና ወይ ናብ ሓኪም ንምኻድ ዝኣመሰሉ
- ህጹጽ ሕክምና ስኒ
- ኣድላዪ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ንምርካብ ዝምልከት መጓዓዝያ
- ድሉው መነጽር

ኣብ መወሃሃዲ መዓስከር ንእትቕመጥ፡ እዞም ዝስዕቡ ወጻኢታት ይሽፈኑልካ

- ኣብ ንምውህሃድ ዝዓለመ ስጉምቲታት ንምስታፍ ዘድሊ ወጻኢታት ወርሓዊ ወረቐት/ካርድ ህዝባዊ መጓዓዝያ

## ወጻኢታትካ ንክሽፈነልካ ከተመልክት ኣለካ

ኣብ ስሩዕ መዓስከር ንእትቕመጥ፡ እዞም ዝስዕቡ ወጻኢትት ንክሽፈኑልካ ከተመልክት ኣለካ፡

- ኣገልግሎት ጥዕና
- ብሓኪም ዝእዘዙ ኣፋውስ
- ሕክምና ስኒ

ኩሎም እቶም ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ዝቕመጡ፡ ነዞም ዝስዕቡ ወጻኢታት ንክሽፈንሎም ከመልክቱ ይኽእሉ ኢዮም፡

- መርመራ ዓይኒን ብትካል መነጸር ንዝእዘዝ መንጽርን፡ ወይ እውን ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ንክትንቀሳቐስ ካልእ ኣድላዪ ዝኾነ ንዋት ምስ ዝእዘዘልካን።
- ኣድልዩ ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ
- ኣዳልዩ መጓዓዝያ
- ተወሳኺ ክዳውንትን ካብ ንቡር ወጻኢ ከማላኣልካ ዘለዎ ኣድላዩ ናውትን/ዕጥቅን
- ኣብቲ መዓስከር ብባርዕ ወይ ካልእ ፍጻሜታት ንዝተኸስረ ንብረት ንምኽሓስ
- ናውቲ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ ዩኒቨሪስቲ ወይ ኮሌጅ
- ብምኽንያት ጥርጠራ መንነት ድሩት ፍቓድ-መንበር ብምህላውካ ሰነዳት መንነት ንምምጻእ ወጻኢታት ምስ ዝህልወካን
- ወጻኢታት ቀብሪን

## ርእሰ-ብጽሒትካ

ኣብ ስሩዕ መዓስከር ምስ እትቕመጥ ናይ ሕክምና ወጻኢታት ክሽፈነልካ እንተኾይኑ፡ ዘለካ ወጻኢታት ከምኒ ኣገልግሎት ሕክምና፡ ሕክምና ስኒን ናይ ካልእ ኣድላዩ ናውቲ ከምኒ መነጽራት መሳሊ ቅድሚ ብደገፍ ምሽፋኑ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ባዕልኻ ክትከፍሎ ዘላካ ውሱን ክትበጽሖ ዘለካ ብዝሒ ገንዘብ ኣለካ። ደረት ብዝሒ-ገንዘብ (beløpsgrense) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ።

እንተድኣ ሕቶ ጉዳይ ዕቑባነትካ ተነጺጉ ወይ ሕቶ ጉዳይካ ብኖርወይ ኣይርኣየልካን ኢዩ ዝተባሃለካ ኰንካ፡ እቲ ደረት ብዝሒ-ገንዘብ (beløpsgrense) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣይምልከተካን ኢዩ።

## ገንዘብካ ኣቕዲሙ ክወሃበካ ይከኣል ኢዩ

ወጻኢታት ንክትከፍል እንተድኣ ሓገዝ ደሊኻ፡ ብዝሒ ርእሰ-ብጽሒትካ ጌና ከይበጻሕካዮ/ከይኣኸለ እንከሎ ንክሽፈነልካ ከተመልክት ኣለካ። ገለ ክፋል ናይቲ እትኽፈሎ ኣቕዲሙ ካብቲ ክወሃበካ ዝነበሮ ግዜ (መገደም ናይ መሰረታዊ ደገፍካ/basisstønaden) ንክወሃበካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ካብ ዝቕጽል ክፍሊት ንኔው ኣትሒዙ ዝወሃበካ ክፍሊት ውሑድ ይኾውን (ዝውሃበካ መሰረታዊ ደገፍ)።

ኣብዛ ደብዳበ እዚኣ ዘይተጠቐሰ ካልእ ዝተዓዳደግ ወይ እውን ካልእ ዝከፋፈል ኣገዳሲ ዝኾነ ወጻኢ ንምኽፋል ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ኣቕዲሙ ንክወሃበካ/ክኽፈለካ ከተመልክት እውን ትኽእል ኢኻ።

## ሕግታት

ከም ተቐማጣይ መዓስከር መጠን ዘለካ መሰላት ገንዘብን ዘለውኻ ግዴታታትን፡ ኣብ መምርሒታት ሕጊ ዛዕባ ጉዳያት ደገፍ ንተቐመጥቲ መዓስከር ዝተደንገገ ኢዩ። እቲ ሕጊ ኣብ www.udiregelverk.no ብምእታው ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ኣየኖት መጠናት መሰረታዊ ድገፍ/ basisstønaden ዝምልከቱኻ ከም ዘለው ንምፍላጥ እውን UDI 2024-002-V1 ዝብል ኣርእስቲ እውን ኣብኡ ኣቲኻ ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ።